# ኣስመራ ሮታሪ ክለብ፣ ንሚኒስትሪ ጥዕና 2.2 ሚልዮን ናቕፋ ብሓገዝ ሂቡ

ኣስመራ ሮታሪ ክለብ፣ ንመንሳሰሲ ሕማም ፖልዮ ዝውዕል ንሚኒስትሪ ጥዕና 2.2 ሚልዮን ናቕፋ ሓገዝ ሂቡ። ኣብቲ ብ21 ታሕሳስ ኣብ ሆቴል ኢንተር ኮንቲነንታል ዝተኻየደ ጽምብል፣ ሮታሪ ክለብ ነቲ ዘበርከቶ ገንዘብ ካብ ኣብ መላእ ዓለም ዝርከባ ማሕበራት ክለብ ሮታሪ ብፍላይ ድማ ካብ ኣብ ኣመሪካ ሳንዲያጎ ዝርከብ ማሕበር ሮታርያን ብዝተለገሰ ሓገዝ ምዃኑ ኣባል ኣህጉራዊ ሮታሪ ክለብን፣ ኣብ ኣስመራ ሮታርያን ክለብ ኣቦ መንበር ምክትታል ሕማም ፖልዮን ዶክተር ጸጋይ ገብረእግዝኣብሔር ንኣገልግሎት ዜና ኤርትራ ሓቢሩ።

ኣብቲ ኣጋጣሚ ሚኒስተር ጥዕና ኣቶ ሳልሕ መኪ ንቕብሊት እቲ ገንዘብ ምስ ተረከበ ኣብ ዘስምዖ መደረ፣ ሚኒስትሪ ጥዕና ሕማም ፖልዮ ካብ ሃገርና ንምጥፋእ ብዝገበሮ ጻዕሪ ኣብ ዝሓለፋ ኣርባዕተ ዓመታት እቲ ሕማም ኣብ ልዕሊ ህጻናት ከም ዘይተራእየ ገሊጹ። ኣቶ ሳልሕ ኤርትራ ንሕማም ፖልዮ ምሉእ ብምሉእ እኳ እንተተቖጻጸረቶ ጎረባብቲ ሃገራት ግን ጌና ስለ ዘይተቆጻጸረኦ ኪትእውጅ ከም ዘይክኣለት ኣብሪሁ።

ኣብ መወዳእታ ኣቶ ሳልሕ፣ ሮታሪ ክለብ መደብ ምጥፋእ ሕማም ፖልዮ ካብ ሃገርና ብተደጋጋሚ ዘወፈዮ ገንዘብ ብቐሊል ከም ዘይርአ ጠቒሱ፣ ብስም መንግስትን ህዝብን ኣመስጊኑ።

ኣቦ መንበር ኣስመራ ሮታሪ ክለብ ኣቶ ክፍለማርያም ዘርኦም ብወገኑ፣ ኣህጉራዊ ክለብ ሮታሪ ሕማም ፖልዮ ካብ መላእ ዓለም ንምጥፋእ ቅድሚ 15 ዓመታት ብዝሓንጸጾ መደብ ልዕሊ ሓደ ቢልዮን ህጻናት ብዝተዋህቦም ክታበት ካብ ሕማም ነጻ ኪዀኑ ከም ዝኸኣሉ ገሊጹ። ህጻናት ኤርትራ እውን እዚ ዕድል ከይንፈጎም እቲ ማሕበር ብዘካየዶ ጻዕርታት ቅድሚ ሎሚ ንመሳሰሲ እዚ ዓይነት ሕማም ልዕሊ 1.5 ሚልዮን ናቕፋ ከም ዝለገሰ ኣዘኻኺሩ።

ብ1977 ዝቖመ ኣብዚ እዋን እዚ 45 ኣባላት ዘለውዎ ኣስመራ ሮታሪ ክለብ ኣብ ኩሉ ማሕበራዊ ኣገልግሎት እዛ ሃገር ዝዋሳእ ዘይመንግስታዊ ማሕበር እዩ።